# ብኢዱ ንጸሓይ ዝኽውል: ንሓቂ ብዓሎቕ ዝብልል:
# ሓያል የልቦን!!!

ሓለቓ ስታፍ ስርሒታት ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ኣስመራ ኤርትራ: እነሆ ሕጂ! ሕጂ! የውክእ ኣሎ:: ንበይኑ ዘይኮነ: ምስቶም ኣብ ዝባና ዘይሕጋውን: ዘይፍትሓውን ዝተስገደደ እገዳ ክጸዓነና እንከሎ ተዓዘብትን ደገፍትን ዝነበሩ ኣካላት ጥራይ ዘይኮነ: ብቐንዱ ምስ ወኪል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ኢዩ ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ዝበጽሕ ዘሎ:: ነዚ ብኣካል ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ በጺሐ: ናይ ዓይኒ ምስክርነተይ ይህብ ኣለኹ ዝብል ዘሎ: ናይ'ታ ዓባይ ፖሊስ ዓለምና ዝኾነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ተወካሊ ኣብ ኤርትራ ዝህቦ ዘሎ ቃለ ምስክርነት: ኣብ ቅድሚ ወኪል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ዝወሃብ ዘሎ ምስ ምኻኑ: እታ ንወርሒ ሰነ 2016 ጽሟቕ ጸብጻባ ብምቕራብ: ንኤርትራ ተወሳኺ እገዳ ንምጽዓን: ተኣንጎት! ተሸብሸብ! እትብል ዘላ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ተባሂላ ዝተሰየመት ጉጅለ: ድሕሪ እዚ ቓል ወኪል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ: እንታይ ኮን ክትምህዝ ኢያ? ንሕና ኤርትራውያን ከኣ: በዚ ወኪል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ ሂብዎ ዘሎ ቃለ ምስክርነት ተነይትና ዲና በቃ ኢልና ክንዓርፍ ዘለና? ዋላስ ዝያዳ እቲ ግጥምያና ብዝበለጸ ብምሕናን ኢና ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ዘለና? ምሉእ ሰነዳዊ ዝርዝር ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና:: ንሎሚ ግን: ናብ'ቲ ሓለቓ ስታፍ ስሪሒታት ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ኣስመራ ኤርትራ: ብቛንቛ እንግሊዝ ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ናይ ዘካየዶ ዑደት ዘቕረቦ ጸብጻብ ትርጉም: ብቛንቛ ትግርኛ ነቕርበልኩም::

ትርጉም:- ብግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት: ሰናይ ንባብ:-

## ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓለቓ ስታፍ ስርሒታት: ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ዑደት ኣካይዱ::

ታሕሳስ:- 10-2015

ናተይ ምብጻሕ ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ:-

ብሎዊስ ማዘል: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓለቓ ስታፍ ስርሒታት ኣብ ኣስመራ:-

ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ




ብሓደ ፍሉይ ናይ ኣጋጣሚ ዕድል: ኣብ ሕዳር 21-22-2015 ወርቂ ናብ ዝዕደነሉ ብሻ ምስ

ሎዊስ ማዘል



መሳርሕተይ ሎሪ ዳንዶን በዓል ቤታን ብምኽን ንኽበጽሕ ጽቡቕ ኩነት ገጢሙኒ:: ንሓደ ብሉጽ ነገር ክርኢ ብምኽኣለይ ንንብሰይ ኣዝየ ዕድለኛ ኢየ ዝቖጽራ:: ምኽንያቱ ናብ ሓደ ናብ'ቲ ናይ'ታ ሃገር ብሉጽ ናይ ዕደና ወፍሪ ዝካየደሉ ቦታ ብምብጻሐይ:: (ብጭቡጥ ከኣ: ናይ ዛራ ዕደና ማእከል ኣብ ጉዕዞ መስመር ኢዩ ዘሎ::) እዚ ኸኣ: ኣብ ምድንፋዕ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ልዑል ግደ ከም ዘለዎ ርግጸኛ ኢየ:: ብሕብረት ምሳይ ናብ'ዚ ዝጠቕሶ ዘለኹ ቦታታት ዝተጓዕዙ ዲፕሎማሰኛታት ዝተፈላለያ ሃገራት ማለት:- ናይ ካናዳ: ጀርመን: ደቡብ ኣፍሪቃ: ዓባይ ብሪጣንያን: ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከምኡ 'ውን: ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ምሳይ ሓቢሮም ኢዮም ናብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ተጓዒዞም ::

ሎሪ ዳንዶ



ንዓይ እዚ ብጽሖት እዚ ናይ ብሓቂ ንዓይነይ ዘንቁሖን: ሓቂ ንኽፈልጥ ዝሓገዘንን ኢዩ:: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ብዘመናዊ መልክዕ ዝተደኮነ ኢዩ:: ኣብ'ቲ ትካል ከኣ: ኣስታት 1400 ሰራሕተኛታት ሓቒፉ ኢዩ ዝሰርሕ ዘሎ:: እቶም ዝተቖጽሩ ሰራሕተኛታት ከኣ: ካብኦም 90% ኤርትራውያን ኢዮም:: 20% ካብቶም ሰራሕተኛታት ከኣ: ደቂ ኣንስትዮ ኢየን:: ናይ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ብልጹነቱ ቀደምትነቱ: ነቶም ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ዘለዉ ገጠር ዓድታትን: ንኣሽቱ ከተማታትን ስለ ዘቕድምን: ውሕስነት ኣገልግሎትን ስራሕን ስለ ዝህብ ኢዩ:: እቲ ናይ ዕዮ ክፍሊት ምስ'ቲ ናይ'ታ ሃገር ቁጠባዊ ሚዛን: ክዛመድ እንከሎ ዝለኣኣለ ክፍሊት ኢዩ:: ዝበዝሕ ነባሪ ናይ'ቲ ከባቢ ገጠር ዓድታትን ንኣሽቱ ከተማታትን: ኣብ ማሕረስን ሰብኽ-ሳግማዊ ህይወትን ኢዮም ዝነባበሩ::

## ስርሓት ኣሜሪካ ዝኾነት ማሽነሪ




ሓንቲ ካብዞም ነበርቲ እዚ ከባቢ ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ: ከም ናይ ጽርየት ሰራሕተኛ ንኽትሰርሕ ኢያ ኣብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ተቖጺራ:: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን: እታ ኣቐዲማ ብናይ ጽርየት ሰራሕተኛ ዝተቖጽረት ጓል-ኣንስተይቲ: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ስርሓት ዝኾነት ከቢድ ርዝነት ዘለዋ ማሽን ፈሓሪት መሬት ትዝውርን: ኮፐር ውጺኢቱን ዝርከበሉ ቦታታት ከተጻርን ከተቐርብ ምኽኣላ: ኣነ ብወገነይ እታ ሃገር ዓቕሚ ሰብ ንምህናጽ እተካይዶ ዘላ ዕማም ዝድነቕ ምኻኑ ዘነጽር ዕዮ ኢዩ ኢየ ዝብል::

## ሎዊስ ማዝል መሳርሒ ዕደና እንዳተዓዘበ



ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ: ነቶም ዘሰርሖም ሰራሕተኛታት ካብ'ታ ኣብ;ቲ ሃገር ዝኽፈል ወርሓዊ ናይ ደሞዝ ክፍሊት: እቲ ዝለዓለ ናይ ደሞዝ ክፍሊት ኢዩ ዝኸፍሎም ዘሎ:: ንናይ ድሕነት ውሕስነቶም ብዝምልከት 'ውን: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ነቶም ዘለዉዎ ሰራሕተኛታት ልክዕ ከም'ቲ ናይ ምዕራብ ውጺኢት ዝኾነ ብሉጽነቱን ውሕስነቱ ዝሓለወ: ምስ ናይ ካናዳን ሕቡራት መንግስታት

ኣሜሪካን ብዝመሳሰል መንገዲ ኢዩ ንሰራሕተኛታቱ: ኩለንትናዊ መሰላቶምን ድሕነቶም ዝሕልወሎም ዘሎ::

ኣብ ጉዕዞ ብጽሑትና ፈለማ የዕሪፍና ዘቋመትናዮ እንተነይሩ: ማእከል ስልጠና ናይ'ቲ ዕደና ወርቂ ብሻ ኢዩ:: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ: ሓደ ናይ ምክትታል ጸጥታዊ ሰብኣዊ መሰልን: እንተላይ ወለንታዊ መትከላት ቁጽጽርን: ሰብኣዊ መሰልን ነጸብራቕ እንዱስትራዊ ምዕባለ ካብ ተምሳል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ፍልዩነት ኣይረኣኹሉን::

እቲ ክፍሊ ሓይሊ ዕማም ጸጥታ ማእከል ምዕባለ ዕደና ወርቂ ብሻ: ቁርዑይ ዝኾነ ዝምድና ምስ ናይ'ቲ ከባቢ ፖሊስን ጸጥታኝ መኮንናትን: ንናይ ሓባር ብሉጽ ረብሓ ብሓደ ኢዮም ዝሰርሑ:: እቶም ክፍሊ ሓለዋ ናይ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ: ብረት ወይ ጠበንጃ ዝዓጠቑ ኣይኮኑን:: ብተወሳኺ ንውሕስነት ኣብ ከባቢ ናይ'ቲ ህዝቢ መንብሮ ሰላምን ጸጥታን ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዓቢ ግደ ኢዮም ዝጻወቱ::




ንሕና ዝተገንዘብናዮ ካብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ እንተሃልዩ: ኩሎም እቶም ሰራሕተኛታትን ስታፉትን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ: ኩሎም ሰራሕተኛታት ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተፋነዉ: ናይ መፋነዊ ሰነድ ወረቐቶም ኣብ ኢዶም ሒዞም ዘረጋገጹን: ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ዝዛዘሙ ምዃኖም ኢዩ:: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ነቲ ስራሕ ውዕል ክህብ እንከሎ: ብዝለዓለ ደረጃ ዝሰርየን ዝሕዞን ንመሰል ውዕል ናይቶም ሰራሕተኛታት ብዘቐድም መንገዲ ኢዩ ዝሰርዮ:: እንተላይ ነቶም ናይ ዓበይቲ ከብድቲ ጽዕነት ማሽነሪታት ካብን ናብን ብሻን ወደብ ባጽዕን ዝመላለሳ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ከይተረፈ: ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነጻ ዝኾኑን ዝተፋነዉን: ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይምልከቶምን ምዃኑ ብምርግጋጽ ኢዩ ናይ ውዕል ስራሕ ብምሃብ ኣብ'ቲ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ዝቖጽሮም:: እቲ ቐንዲ ናይ ምቁጽጻር ሕጋዊ መስርሕ ተቐጻርነት ሰራሕተኛ ኸኣ: ነቲ ናይ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነጻ ምዃኑ ብምርግጋጽ ዝግበር ናይ ስራሕ ምቕጻር ኢዩ: ቀደምትነት ሂቡ ብሕጋውነት ዝሰርሓሉ::




ብተወሳኺ ንሕና: ነቲ ናይቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ናይ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዝካየድ ናይ ጥዕና ክትትል ብዝግባእ ኢና ተመልኪትና:: ካብቶም ናይ'ቲ ማእከል ሕክምና ክሊኒክን ሆስፒታል ዶክተራትን ሕክምና ተጸዋዕትን ከኣ እኹል መብርሂ ተዋሂቡና:: እዚ ኸኣ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ታ ሃገር ዘሎ ውሃ ዘበለ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዝወሃበሉ ክሊኒክ ናይ'ታ ሃገር: ዝበለጸ ምዃኑ ኢና ተገንዚብና:: ምኽንያቱ እቲ እንኮ ዘመናዊ ድጂታል ኤክስ-ረይ ስካነር ኣብ'ታ ሃገር: ኣብዚ ክሊኒክ እዚ ኢዩ ዝርከብ:: ኣነ በዚ ህላዌ ዘመናዊ ድጂታል ኤክስ-ረይ ስካነር ብጣዕሚ ኢየ ተደኒቐ:: ምኽንያቱ ብጀካ ኣብ'ቲ ጽላት ክፍሊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤምባሲ: ክፍሊ ኣገልግሎት ኢመግረሽንን ቪዛን ሕ.መ.ኣ. ጥራይ ስለ ዝርከብ::

እቲ ቁልጡፍ ዝለዓለ ናይ ዕዳጋ ውድድር ንምክያድ: 24 ሰዓታት ብዘይ ምቁራጽ ን7ተ መዓልታት ብዘይዕረፍቲ እቲ ስራሕ ይንቀሳቐስ:: ኣብ መወዳእታ ኸኣ: ነቲ ዝድለ ምዕዳን ናይ ኮፐር ናይ ወርቂ ስርሓት ናይ መወዳእታ ጭቡጥ ውጺኢት ካብ ዝርከቦ ድሮ ክልተ ዓመት የሕሊፉ ኣሎ:: ድሕሪ ናይ ኮፐር ምዕዳን ምውድኡ: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ናብ ዚንክ ኢዩ ክሰጋገር:: እዚ ኸኣ ኣብ'ቲ ናይ ማእከል ዕደና ዝሕብር መርበብ 'ውን ብግሉጽ ኢዩ ዝሕበር:: ንሕና 'ውን ድሕሪ ውጺኢት ቁልጡፍ ርኽበት እትዋት ኮፐር: መጨረሽታ ፍርያት ምርኣይና ካብ ኪኢላታት መብርህን መግለጽን ኢዩ ተዋሂቡና:: ናይ'ቲ ሓድሽ ናይ ዚንክ ውጺኢት ርኽበት ስራሕ ምዕዳን ከኣ: ኣብ ዝመጽእ ቀጻሊ ዓመታት እቲ ስርሒት ክካየድ ብምኻኑ እቲ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ናብ ውጺኢት ፍርያት ዚንክ ገጹ ክሰጋገር ኢዩ::

ገለ ካብ 30 ክሳብ 40 ዝበጽሓ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን: ካብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ መዓልታዊ ኮፐር ዝተባህለ ማዕድን ኣብ ዓበይቲ ኮንተይነራት ጽዒነን: ንሰደድ ዝዓለመ ወፍሪ ንምክያድ ናብ ዙርያ ዓለም ንምብጻሕ ናብ ወደብ ምጽዋዕ ዝንቀሳቐሳ:: መራሕቲ ናይተን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ብውሕልነትን: ሓያል ጥንቃቐን ስነ-ስርዓትን ድስፕሊንን ተቐይዶም: ብፍሉጥ ዝተወሰነ ናይ ግዜ ገደብ ኢዮም መዓልታዊ ነተን ዝመለኸወን ናይ ጽዕነት መካይን ዝመርሑ:: ከም መምርሒ ኸኣ ኣዝዮም ካብ ሓደጋን ሳዕቤናቱን ጥንቁቓት ኢዮም:: እተን ብጫ ዝዓይነተን ናይ ቻይና ስርሓት ዝኾና ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን: ምስ ሓሙኽሽታይ ዝሕብሩ ኮንተይነራት ልዑል ክብሪ ዘለዎ ማዕድን ኮፐር መዓልታዊ ብጽርግያ ከረን ኣስመራ ኣቢለን: ናብ ምጽዋዕ ይጓዓዛ:: ኩለን እተን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ከኣ: ናይ ኮምፕዩተር መሐበሪ መንገዲ GPS ውሕስነት ኣለወን:: እዚ ኸኣ ነተን ናይ ከበድቲ ጽዕነት መካይን ኣብ ጉዕዞ ምድንጋር ከየጋጥመን ኣዝዩ ውሑስ ዝኾነን ነገር ኢዩ::

ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ብተወሳኺ ብወለንትኡ ኣብ ከባቢኡ ንዝለዉ ኅረባብቲ ነበርቲ: ናይ ሓገዝ ወፈያታትን ናይ ምእላይን ምሕብሓብን ሓላፍነት ይወስድ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ጥራይ ነቲ ከባቢ ብምቑጥቓጥ: 20,000 ኣግራብ ብምትካል ነቲ ከባቢ ናብ ዝምስጥ ሓምላይ ምርኢት ቀይርዎ:: ውጥን ናይ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ኸኣ እዚ ኢዩ ዘሎ:: እቲ ትካል 5 ኣግራብ ብሓደ ናይ'ቲ ዝነቐሎ ገረብ ብምትካእ: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ምስ ህላዌ እቲ ከባቢ ንዘለዎ ሓላፍነታዊ ግዴታ ናይ ህዝቢ ብምቕዳም: ምስ'ቲ ናይ'ቲ ከባቢ ማሕብረ-ሰብ ብምውህሃድ ሓላፍነታዊ ዕዮ ኢዩ ዝወስድ ዘሎ:: ንርጉእ ቀጻሊ ውሑስ ናብራ ናይ'ቲ ከባቢ ዘሎ ህዝቢ ብምቕዳም ከኣ: ዲጋታት: ካናለታት: ራህያታትን: ናይ ማይ መተሓላለፊ መስመራትን ኣብ ምትካልን ምህናጽን: ነቲ ነባሪ ከባቢ ህዝቢ ኣብ ምግልጋል 'ውን ይነጥፍ::





ቅድሚ ናብ ከተማ ኣስመራ ምምላሰይ: ኣብ ሓንቲ ተኸረሬት ዝተባህለት ዓዲ የዕሪፈ ነይረ:: ምስቶም ኣመሓደርቲ ናይ ዓዲ ኸኣ ተዘራሪበ:: እዚ ኸኣ ኣነ ምስክር ኢየ:: ነቲ ናይ ቡን ወግዒ ብጣዕሚ ኢየ ዝፈተዎ:: ብተወሳኺ ብሴፍ ጌርካ ዝካየድ ሳዕስዒት 'ውን ምስቶም ናይ'ቲ ከባቢ መንእሰያት ኮይነ ሳዕሲዐ:: ካብ'ቲ ዝኸደንዎ ባህላዊ ክዳን ብሄረ ትግሬ ኸኣ ከም ህያብ ሂቦም ከዲኖምኒ::

**እቲ ዝበለጸ ኣብ ምዕራብ ናይ’ታ ሃገር ዝርከብ ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ: ብሉጽ ዝነኣድ ስራሕ ኢዩ ዝካየደሉ:: ወፍሪ ናብ’ቲ ናይ ከባቢ ህዝቢ የካይድ ኢዩ:: ማእከል ዕደና ወርቂ ብሻ ሓላፍነትን ክብረትን: ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰልን ዝገብሮ ስራሕ: ነጸብራቕ ናይ’ቲ ኣብ ከባቢኡ ዝወስዶ ዘሎ ክብርታት ኢዩ:: ሱታፌኡ ኣብ ሃገራዊ ምዕባሌ ኤርትራ ኸኣ: ኣዝዩ ብሉጽ ኢዩ:: ተስፋ ይገብር ኣብ መጻኢ ከም ጽቡቕ ኣብነት ምህናጽን ምድልዳልን ናይ’ዛ ሃገር ኮይኑ ክቕጽል::**

**ሚስተር ሎዊስ ማዘል: ሓለቓ ስታፍ ስርሒታት ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ኣብ ኣስመራ ኤርትራ**!!!

**ግዱሳት ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት**!!!

gdusattsenatsenti@gmail.com